# ካርድ ኮቪድ ቫክስ ሒዝኩም ኣለኹም፧ ሕጂ`ሞ እንታይ፧




ናይ ኮቪድ-19 ክታበትኩም ምስ ወሰድኩም፡ መረጋገጺ ካርድ ትወስዱ ከም መረጋገጺ። ኣብ ውሑስ ቦታ ኣቐምጥዎ! ከም ክሬዲት ካርድ፡ ናይ መኪና መምርሒ ፍቓድ ወይ ፓስፖርት ገርኩም እትሕዝዎ ኣገባብ ገርኩም ክትሕዝዎ ይግባእ። እታ ካርድኹም ናይ ቆጸራ መዘኻኸሪት ጥራይ ኣይኮነትን፡ ወግዓዊ ሰነድ ኢያ ከተድልየኩም ድማ እትኽእል ኣብ መገሻ፡ ናብ ገለ ኣጋጣሚታት ንክትኣትዉ ከምኡ`ውን ኣብ መጻኢ ንናይ ኣበርታዒ ዓቐናት (ዶዛት) ንምውሳድ።

ኣብዚ ሕጂ ግዜ ብዙሓት ዋኒናት ኣብ ዋሽንግተን መተባብዒ የቐርቡ ኣለዉ ኑቶም ዝተመስከረ **መረጋገጺ ናይ ምሉእ ክታበት** ዘቕርቡ ከም ጎደሎ ዋጋ፡ ናይ ናጻ ምጠዋ ወይ ዝሓሹ ኮፍ መበሊ ቦታ ኣብ ኣጋጣሚታት። ናይ ክታበት ካርድኩም ተጠንቀቕሉ መታን ክትረብሑ ካብዞም ፍሉያት ዕድላት።

## ኣብ ኣተሓሕዛ ካርድ ክታበት ገለ ክዝከሩ ዘለዎም ምኽሪታት ኣብዚ እንሆ፡



- **ሓዝዎ** ካርድ ክታበትኩም ኣብ መንጎ ዓቐናት (ዶዛት) ከምኡ`ውን ብድሕሪኡ።
- **ውሰዱ** ናይ ቅድሚትን ድሕሪትን ስእልታት ካርድኹም መታን ዲጂታላዊ ቅዳሕ ኣብ ኢድኩም ብቐሊሉ ክህልወኩም። ኣብ ግምት የእትውዎ ናብ ነብስኹም ብኢሜይል ምስዳድ፡ ኣልቡም ምስራሕ ወይ ድማ ታግ ክትገብሩላ ነታ ስእሊ መታን ብቐሊሉ ክትረኽብዋ።
- **ሓዙ** ቅዳሕ ናታ እንድሕር ምሳኹም ሒዝኩሞ ክትንቀሳቐሱ ደሊኹም።




- ኣይትደርብይዋ ወይ ኣይተጥፍእዋ!
- ኣይትለጥፉ ናይ ነብስኹም ስእሊ ኣብ ኢንተርነት ዘርኢ ነታ ካርድ ክታበት። ኣብ ክንድኡ ናይ ነብስኹም ስእሊ ወሲድኩም ተጠቀሙ ናትና **ዲጂታላውያን ስእሊ ወይ ጽሑፍ (ስቲከር)** ብምድላይ ኢልኩም #vaccinateWA ወይ #wadoh! ዘክሩ ኢኹም ታግ ክትገብሩ ን @WADeptHealth።
- ኣይተጠርዝዋ ነታ ቀንዲ ካርድኹም። ነታ ቅዳሕ ከተጠርዝዋ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም ሒዝኩማ ክትንቀሳቐሱ።




## እንታይ የጋጥም እንድሕር ናትኩም ናይ CDC (ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት) ካርድ ክታበትኩም ዘየላ ምሳኹም፧

እንድሕር ካርድኹም ኣብ ዘይቦትኡ ኣቐሚጥኩሞ ወይ ኣጥፊእኩሞ፡ ኣይትሸገሩ! ወግዓዊ፡ ዝተመስከረ መረጋገጺ ናይ ኮቪድ-19 ክታበትኩም ኣብ መስመር ኢንተርነት ብነጻ ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም። እታ ናይ MyIR መርበብ ሓበሬታ ወግዓዊት ናይቲ ክፍለ ሃገር ኣገባብ መወከሲት ናይ መረጋገጺ ክታበት ኣብ ክፍለ ሃገር ዋሽንግተን ኢያ። ናትኩም ቅዳሕ ንምውሳድ ብጽሑ ናብ **www.MyIRmobile.com** ወይ ናብ **wa.MyIR.net** ብነጻ ክትምዝገቡ። እንድሕር ድሮ ኣለኩም ኮይኑ ናይ MyIR ሕሳብ፡ በቃ ከት ኣለኹም!

*ብኽብረትኩም ዘክሩ ምስክርነት ናይ መዛግብትኹም ብመገዲ MyIR ቅልጡፍ ዘይከኾውን ይኽእል ኢዩ ከምኡ`ውን እቲ በሪ ኣብዚ ግዜ`ዚ ንቛንቛ እንግሊዝኛ ጥራይ ዝተደረተ ኢዩ።

ንሓገዝ ቋንቋ ወይ ተወሳኺ ሓገዝ መዝገባትኩም ንምርካብ፡ ናብ ናይ ክፍለ ሃገር ዋሽንግተን ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም Office of Immunization and Child Profile (ቤት-ጽሕፈት ብየና ከምኡ`ውን ሓጺር ታሪኽ ህይወት ቆልዓ) ኣብ ልሙዳት ሰዓታት ስራሕ ኣብ 360-236-3595 ወይ ተወከሱና ብኢሜይል ኣብ **waiisrecords@doh.wa.gov**።

Washington State Department of Health

DOH 348-809 May 2021 Tigrinya
እዚ ሰነድ ብኻልእ መልክዕ ክትሓትት እንተደሊኺ፡ ብ 1-800-525-0127 ደውል። ጸማማት ወይ ዝጸንዓኩም ኣእዛንኩም ዓማዊል፡ ብኽብረትኩም ብ (711 Washington Relay) ደውሉ ወይ ድማ ኢሜይል ግበሩ ናብ civil.rights@doh.wa.gov።